ኣዲስ ኣበባ፤ ኢትዮጵያ

ነሓሰ 19 2012 ዓ.ም

# መግለፂ ፕሬስ

## ናይ ኣፍሮ-ባሮመትር ዳህሳስ ከምዘርእዮ ብሓፈሻ ኢትዮጲያዊያውያን ብፈደራሊዝም ይስማእምኡ እዮም እንትኾነ ብጂኦግራፍዊ ኣቐማምጣ ዶ ወይስ ብብሔር መሰረት ዝብል ኣፈላላይ ኣለዎም፤

ሓዱሽ ናይ ኣፍሮ-ባሮመትር ዳህሳስ ከምዘርእዮ ኣብዝሓ ኢትዮጵያውያን ኣርሰን ዝወነናን ዘመሓድራን ክልላዊ መንግስታት ምህላው ብሉጽ ስርኣት ገይሮም ይወስዱ ።

እንተኾነ ግና ዘጋታት ኢትዮጵያ ንመማረጺታት ብሔር መሰረት ዝገበር ፈደራሊዝም፤ ንጂኦግራፍዊ ኣቀማምጣ መሰረት ዝገበር ፈደራሊዝምን ዝብል ሓሳብ ብማዕረ መጠን ብምድጋፍን ኣብ ኽልተ ይኽፍሉ

እዛ ሃገር ካብ ቅድሚ ክልተ ኣመት ጀሚሩ ናብ ለውጢ ካብትኣቲ ንደሓር ጉዳይ ፈደራሊዝም ውዕውዕ መዘራረቢ ዛእባ ኮይኑ ጸኒሑ እዩ። ኣብዙ ዛዕባ እዚ ኩሎም ናይ መንግስትን ውልቐን መራኸብቲ ሓፍሽነቲ ካብ 1995 ጀምሩ ዝጸደቐን ኣብ ተግባር ዘሎን ንብሔር መሰረት ዝገበር ስርኣት ንምቕያር ወይድማ ብውሱን ለውጢ ንምምሕያሽ ዘኽእሉ ሰፋሕቲ ምይይጣትን ፖለቲከኛታት ፣ ሙሁራን ንተወከልቲ ነጻ ማሕበራትን ብምእዳም ኣካይዶም እዮም ።

## ቐንዲ ውጺኢታት

- ካብ 10 ኢትዮጵያውያን እቶም 6 (61%) ካብ ኣሃዳዊ ስርኣት ንፈደራሊዝም ይመርጹ። ብተቓራኒ ካብ 10 ኢትዮጵያውያን እቶም 4 (37%) ፈደራሊዝም ኽፋፋሊን ጎዳኢን እዩ ኢሎም ስለዝኣምኑ ኣሃዳዊ ስርኣት ይመርጹ (ስእሊ 1) ።
- ከመይ ዓይነት ፈደራሊዊ ስርኣት ይተሃነጽ ኣብ ዝብል ኢትዮጵያውያን ኣብ ክልተ ይኽፈሉ። ዳርጋ ፍርቒ ዝኾኑ (49%) ሐዚ ዘሎ ንብሔር መሰረት ዝገበር ፈደራሊዝም ይቐጽል ዝብሉ ኮይኖም እቶም ዝተረፉ (48%) ድማ ብሔራት ዝቐመጡሉ ቦታ እንተይኮንስ ብጂኦግራፍዊ ኣቀማምጣ መሰረት ዝገበር ፈደራሊዝም ክኸውን ኣለዎ ይብሉ (ስእሊ 2) ።
    - ተቐመጥቲ ከተማታት ብኣብዘሓ ነቲ ጂኦግራፍዊ ኣቀማምጣ መሰረት ዝገበር ፈደራሊዝም እንትድግፉ (54% vs. 44%) ፣ ብኻሊእ ገጽ ድማ ኣብ ገጸር ዝርከቡ ነበርቲ ብምኽንያት ዘለዎም ውሱን ናይ ብሔር ኣፈላላይ ብኣብዝሓ ንብሔር መሰረት ዝገበር ፈደራሊዝም ይድግፉ(51% vs. 47%) ።

### መፅናዕቲታት ኣፍሮ ባሮሜትር

ኣፍሮ-ባሮመትር ካብ ውግንና ዝኾነ ኣይነት ፖለቲካ ነፃ ዝኾነ ፓን-ኣፍሪቃዊ ናይ ምርምር መርበብ እንትኾን ሓቃዊ/ተኣማኒ ዝኾኑ ናይ ዲሞክራሲ፣ምሕደራን ፅፈት/ዓይነት ናብራን ኣብ ዝተመልከቱ ዛዕባታት ኣትኲሩ ይሰርሕ ። ካብ 1999 ክሳብ 2018 ኣብ 38 ሃገራት 7ተ ዙር መጽናዕትታት ኣካይዱ እዩ ። ብተውሳኺ ኣብ 2019/2020 8ይ ዙር መጽናዕቲ ኣብ 35 ሃግራት ንምስላጥ ትልሚ ሒዙ ይርከብ ። ኣፍሮ-ባሮመትር ዘካይዶም መጽናዕትታት ሃገራዊ ውክልና ዘረጋግጹ ብመልሲ ውሃብቲ ቋንቋ ዝተዳለውን ናይ ገፅ ንገፅ ቓለ-መሕትት ዘጠቓልሉን እዮም።

ጉጅለ ኣፍሮ-ባሮመትር ኢትዮጵያ ብፍሪዶም ሃውስ እንዳተሓገዘ ፥ ብኣብኮን ኮንሳልቲንግ ሃውስ እንዳተመርሐ ኣብ ወርሒታት ታሕሳስ 2019ን ጥሪ 2020ን ን2400 ንዓቕመ ኣዳም ዝበጽሑ ኢትዮጵያውያን ቓለ-መሕተት ገይሩ ነይሩ። በዚ መሰረት ብደረጃ ሃገር ብውሕድ መጠነ ገጋን (ማለትእውን+/-2 ሚእታዊ) ብ95% confidence level ንወካሊዝኾነ በዝሒ ናሙና ወሲዱ እዩ ሰሪሑ። ቕድሚ ሐዚ እውን ኣብ 2013 ኣብ ኢትዮጵያ ተመሳሳሊ ዳህሳስ ኣካይዱ ነይሩ ።

### ቻርትታት

**ስእሊ 1: ኢትዮጵያ ብፈደራሊያዊ ስርኣት ዶ' ትጽናሕ ናብ ኣሃዳዊ ስርዓት ትመለስ? ኢትዮጵያ/2020**

Copyright ©Afrobarometer2020




- ናይ ኢትዮጵያ ሕብረ ብሔራዊንት ኣብ ግምት ብምእታው ፌደራሊዝም ብሉጽ ስርኣት እዩ፤
- ፌደራሊዝም ከፋፋሊ ስለዝኾነ ናብ ኣሃዳዊ ስርዓት ክቕየር ይግባእ፤
- ብክልቲኦም መማረጺታት ኣይስማእማእን /ኣይፍልጥን /ፍቓደኛ ዘይምኻን፤

**ንመልሲ ወሃብቲ ዝቐረብሎም ሕቶታት-** ካብዞም ዝቕጽሉ መማረጺታት ኣየነኦ ሓሳብ ዝበልጸ ይኣምኑሉ/ናሉ ?

ሓሳብ 1: ኣብ ኢትዮጵያ ብምኽንያት ሕብረ-ብሔራዊነት ኣርሰን ዝኸኣላ ክልላዊ ምምሕዳር ዝሓቑፍ ፌደራላዊ ስርዓት እቲ ዝብለጸ ስርዓት እዩ ።

ሓሳብ 2: ፌደራሊዝም ብጣእሚ ዝኸፋፍልን ጎንጺ ዘስእብን ስለዝኾነ ኢትዮጵያ ማእኸላዊ መንግስቲ ብዝበለጸ ናይ ምውሳን ልዕልነት ዘረጋግጸሉ ናይ ኣሃዳዊ ስርኣት እያ ክትክተል ዝግባእ፤

*(ሚእታዊ ብዞም ሓሳባት እዚኦም "ዝስማእምኡ" ወይድማ "ብጣእሚ ዝስማእምኡ" ይብሉ)*

**ስእሊ2: ኣይነት ስርዓት ፌደራሊያዝም- ሕብረ-ብሔራዊ/ብሔር መሰረት ዝገበረ ምስ ጂኦግራፍዊ ኣቐማምጣ መሰረት ዝገበረ /ኢትዮጵያ/2020**




- ሐዚ ዘሎ ብብሔር ዝተመስረተ/ ሕብረ ብሐፌራዊነት ይቐጽል፤
- ናብ ጂኦግራፊኣዊ ኣቐማምጣ መሰረት ዝገብር ይቐየር
- ይስማዕማዕ እየ/ኣይስማዕማዕን/ ኣፍልጦ የብለይን፤

***ንመልሲ ወሃብቲ ዝቐረብሉም ሕቶታት-*** *ካብዞም ዝቕጽሉ መማረጺታት አየነአ ሓሳብ ዝበልጸ ይኣምኑሉ/ናሉ ?*

ሓሳብ 1 - ኢትዮጵያ ብፌደራላዊ ስርዓት እንተቐጺላ ፥ እቲ ሐዚ አብ ተግባር ዘሎ ክልላት ብብሔር ዝተቐመጣሉ አወሳስና ክቕጽል ይግባእ፤

*ሓሳብ 2 - ኢትዮጵያ ብፌደራላዊ ስርዓት እንተቐጺላ ፥ ሐዚ ብዘሎ ብብሔር መሰረት ዝገበረ ወሰን እንተይኾነስ ክልላት ብጂኦግራፍዊ* አቕማምጠአን መሰረት ክውደባ ይግባእ

*(ሚእታዊ ናይ ብዞም ሓሳባት "ዝስማእምኡ" ወይድማ "ብጣእሚ ዝስማእምኡ")*

## ንዝበለፀ ሓበሬታ በጃኹም ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ተጠቐሙ፤

MuluTeka
National Investigator
ABCON – Research & Consulting
Tel +251 973 077 414 , +251 115 531 470, +251 115 521 696, +251 115 537 061
mulu.mtg@gmail.com / info@abconltd.et
Addis Ababa, Ethiopia

Visit us online at:
www.abconltd.et
www.afrobarometer.org

Follow our releases on #VoicesAfrica.

/Afrobarometer @Afrobarometer

Copyright ©Afrobarometer2020 